ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

# ድሕነትና ብስሙር ቅልጽምና!!

ህዝቢ ኤርትራ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ ዝላቐቕ ኣነሆ 33 ዓመታት ክመልእ ሰሙናት ተሪፍዎ ኣሎ። እዘን ዝሓለፋ ልዕሊ ሰላሳ ዓመት ግን ንለበዋታት እቶም ዝተሰውኡን ንባህግን ተስፋታትን እቶም ብህይወት ነጻነት ዝረኣዩን ዜጋታትና ዝምጥን ከም ዘይነበረ ብግብሪ ዝተራእየለን ዓመታት ምዃነን ዓለም ዝመስከረሉ ሓቂዩ። ዝተሰደዱ ናብ ሃገር ዝምለሱሉ፡ ዝጠመየ ዝዕንገለሉ፡ ልዕልነት ሕጊ ዝረጋገጸሉ ኮታ ከም ዜጋ ብሰላም ወጺኡ ብሰላም ዝነብረሉ ኮይኑ ኣይተረኽበን። እኳ ደኣስ ካብዚ ኣረሜናዊ ዘቤታዊ መግዛእቲ፡ ዝሓለፈ ባዕዳዊ መግዛእቲ ይሓይሽ ክሳብ ምባል ዝበጽሑ ዜጋታት ከምዘለዉና ሓደን ክልተን ዝበሃሎ ኣይኮነን።

ደጊም ስርዓት ህግደፍ ብገበናት ዝጨቀወ ኣእዳዉን ብዘይካ ዓመጽ ፍትሒ ዘየተኣናግድ ኣተሓሳስብኡን ሕጂ ኣብ እርጋኑ ባህርያቱ ቀይሩ ርእሱ ኣድንን ኣቢሉ ንኣበስኡ ይቕሬታ ክሓትትን ንህዝቢ ክኽሕስን ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። እዚ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ክእለ ጥራሕዩ ዘለዎ። ህግደፍ ናይ ሰላም ኣምር  ስለ ዘይርድኦ ካብ በቲ ንሱ ዝመጸሉ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ወጻኢ፡ ለሚንካን ኣቀባጢርካን ክእለ  ዝኽእል ስርዓት ከምዘይኮነ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ብኣጽንኦት ይኣምን። ነዚ ንምግባር ከኣ ምስቶም ኩሎም ተመሳሳሊ ዕላማታት ዘለዎም ሃገራውያን ሓይልታት ተሻሪኹ ክሰርሕ ምዃኑ ብግስ ምስ በለ ብኣዋጅ ዝገለጾ እኳ እንተኾነ ክሳብ ሕጂ ክንድቲ ዝግባእ ጎስጓስ ዝገበረሉ ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ ራባዓይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ ባይቶ ኤስሃግ ሓደ ካብቲ ትኹረት ዝተገብረሉ ኣርእስቲ ንባዕሉ እዚ ጉዳይ እዩ ነሩ።

ብርግጽ እዚ ሓሳብ ከም ሓሳብ ኣብ ሰነዳቶም ዘቐመጡ ሃገራውያን ሓይልታት ዉሑዳት ኣይኮኑን። እንተኾነ ግን ሕመቕና ምስ ስዉር ናይ ምፍንጫል ሽርሂ ህግደፍ ተደሚሩ ክሳብ ሕጂ ኣድማዒ ስራሕ ክንሰርሕ ኣይከኣልናን። ስርዓት ህግደፍ ባህርያቱ ክቕይር ኣይክእልን እዩ ካብ በልና እምበኣር ክንቅየር ዝግበኣና ንሕና ደንበ ተቓውሞ ኢና። ክሳብ ሕጂ ኣሚንናሉስ ይኹን ዓሺናሉ በበይንና ዘጽነሓና ናይ ምፍንጫልን ናይ ተመዓዲኻ ምጥምማትን መድረኽ ንድሕሪት ገዲፍና ደላይ ፍትሒ ዓቕምታቱ ዝድርበሉን ህዝብና እልል እናበለ ብሩህ መጻኢ ዘቋምተሉን መድረኽ ክንፈጥር ኣለና።

ብርግጽ ወግሒ ጾብሔ ብስርዓት ህግደፍን እከይ ተግባራቱን ምምራር ገዲፍና፡ ሕመቕና ቀንጢጥና ንድርብየሉ ኩነታት ክንፈጥር ይግበኣና። እንተ ብኸፊል እንተስ ብምልኣት ጎልቢቱና ዝጸንሐ "ኣነስ ካብ መን ንኢሰ" ዝዓይነቱ ርእሰ-ሕብጠት ወጊድ ኢልና ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ቀዳምነት ክንሰርዕን ብሓድነትና ዓወትና ከነቃላጥፍ ይግበኣና።

እሞኸደኣ እንታይ ይገበር ዝብል ዓቢ ሕቶ ንቅድሚት ኣምጺእና መዛረቢ ካብ ገበርናዮ፡ ንቕኑዕ ተግባራት ካለኦት ክጅምርዎ ኣይንጸበ በሃልቲ ኢና። ኤስሃግ ከም ግንባር ብብዙሓት ውድባት ዝተፈጥረ ግንባር ኣኳ እንተኾነ ብርክት ዝበሉ ካብኦም ኣብ ሓደ ውድብ ክጥርነፉሉ ዝኽእሉ ዕድላት ከምዘሎ ብምእማን ሓድነታዊ ተበግሶታት ክጅምር ኣለዎ ዝብል ልባዊ እምነት ኣጥርዩ ኣሎ። እዚ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ውድባት ኤስሃግ ጥራሕ ከይተሓጽረ ጻዕርታትና ምስ ኩሎም እቶም ንሓድነት ከም ቀንዲ መንገዲ ዓወት ንዝርእዩ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ዝምልከት እውን ምኳኑ እዩ። ብሕመቕና ዝተፈጥረ ታሪኽ ምፍንጫላት፡ ብመንፈዓትና ነበረያ ነበረ ክንገብሮ ይከኣልዩ ዝብል እምነት ኣለና። ኣብዚ ቅዱስ ዕላማ ክሻረኹና ዝደልዩ ሃገራውያን ሓይልታት ብሓንጎፋይ ከም እንቕበል ክንገልጽ ከለና ባህታና ወሰን የብሉን።

ርእይቶና ግን ኣብኡ ጥራሕ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ወዮ ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ብዝሒ ውድባትና ካብቲ እዉጅ መትከላዊ ፍልልያትና ንላዕሊ ኮይኑ ስለ ዝጸንሐ ናይ ግድን ኩሉ ኣብ ሓደ ውድብ ይጠቓለል ዝብል ርእይቶ የብልናን። እንተኾነ ግን ብኣረኣእያ ኣጸቢቖም ዝቀራረቡ ብዙሓት ውድባት ብሓድነት ተጠሚሮም ውሑዳትን ፍሩያትን ኮይኖም ንከይከዱ ዝኽልክል ነገር ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ሓቂዩ ካብ ሕቝፎ ሕብረተሰብና ኮይንና ትርግታ ህዝቢ እናኣዳመጽና ክንቃለስ ኣይበቓዕናን። ስደት ከኣ ናይ ገዛእ ርእሱ ተጽዕኖታት ኣለዎ። ናይ ስደት ቃልሲ ግን ከረሳስን እምበር ከዕውት ዝኽእል ኣይኮነን። ሓድነትና እንተኣጠናኺርና ኣብ ውሽጢ ሃገርና መሰረት ዘይነንብረሉ ምኽንያት ኣይህሉን። መንእሰያትና ድማ ካብ ስደት ንላዕሊ ቅኑዕ መተካእታ ምረኸቡ እሞ ኣብ ምእላይ ስርዓት ህግደፍ ክዋስኡን ድሕሪ ህግደፋዊ ጸልማት፡ ብርሃን ዝርእይሉ መዋእል ምተቓላጠፈ ኔሩ።

ኤስሃግ ነዚ ተበጋጊሱ ዘሎ ናይ መንእሰያት ምልዕዓል ብልቢ እዩ ዝድግፎ። እቲ ሕራነ ኣብ በትኡዩ። ፍቕሪ ወለዱ ከይጸገበ ናብ ድፋዕ፡ ናብ ስደት፡ ናብ ምሕረት ዘይብሉ ምድረበዳን ዝነደረ ባሕርን ክሳጥሑ ኣብ ልዕሊ ዝገበረ ስርዓት ዘየነድር እንታይ ኣለዎም? እንተኾነ ግን ናህሮምን ሕራነኦም ዝቖጺ ሃይማኖታውን ወገናውን ፍልልያት ብኣጋኡ ክኣልዩ እንተዘይክኢሎም ኣብ መጻወድያ ህግደፍ ኣትዮም ቁጽሪ ደንበ ተቓውሞ ካብ ምብዛሕ ሓሊፎም ቁምነገር ክገብሩ ኣይኮኑን። ኤርትራና ኣደ ብዙሓት ብሔራትን ሃይማኖታትን እያ። ንሓደ ሕልፊ እቲ ካልእ ትብጾሖ ኣይኮነትን። ስለዚ ብድሑር ኣረኣእያታት ምፍልላይ ብስሩዕ ይኹን ብተዘዋዋሪ ተልእኾ ህግደፍ ምፍጻም ምኳኑ ብንጹር ክቕመጥ ኣለዎ። ብተወሳኺ

ኣብ ስደት እንንገብሮ ቃልሲ በቶም ዘዕቁቡና ሃገራት ዘፍቅዶ ሕግታት ምምእዛዝ ነቲ ቃልስና ክብሪ ዝህብ ስለ ዝኾነ ቀንዲ ኣንፈት ቃልስና ጸረቲ ካብ ሃገርና ክንስደድ ዝገበረ ስርዓት ህግደፍ እምበር ጸረቶም ብሕግን ስርዓትን ዘዕቆቡና ሃገራት ፡ኣካላት ክኸውን ኣይግባእን። ብኻልእ ኣዘራርባ ምንቅስቓሳትና ንፍትሓዊ ጠለብናን ቃልስናን ዘህስስ ከይከውን ምጥንቃቕ የድሊ። ሎሚ ንገብሮ ጸረ ህግደፍ ስርሒት ነቲ ዝቕጽል ቃልሲ ዘሰስን ክኸውን ይግባእ እምበር ገሌና ተኣሲርና ገሌና ተፈጊእና ካብቲ ዝሓለፈ ውዕሎና ጎዲልና ንውዕለሉ እንተኮይኑ ከሲርና እምበር ኣይከሰብናን።

ሓሳብና ንምጥቕላል፥ ታሪኽ ምፍንጫልን ምፍልላይን ወጊድ ኢልና ብሓዲሽ መንፈስ ኣብ ጎደና ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕን ክንጓዓዝ እንወስዶ ዘለና ተበግሶ ብዙሓት ክርዕምዎ ተስፋ እናገበርና እዚ ብፖለቲካዊ ሓይታት ተጀሚሩ ዘሎ ሓባራዊ ጉዕዞ ኣካል ናይዚ ተበግሶታት ምኳኑ ብምእማን ንምዕዋቱ ዓቕምና ዘፍቅዶ ዘበለ ኩሉ ክንገብር ምኳንና ብሙሉእ ምትእምማን ክንገልጽ ንፈቱ።

ድሕነትና ብስሙር ቅልጽምና

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን - ኤስሃግ